## ኤርትራ ሜረት ጀጋኑ!

ጅግና ኣሎ ከም ቀደሙ፡
ዕድመ እንተደፍኤ ኣይምሰልኩም ደኺሙ፡
ስድሪ ኣይነከየን ካብታ ስግሙ፡
ይቕጽል ኣሎ ስለታ ሪሙ።

ክንደይ ተማሂሮም ካብ ብልሓቱ፡
ብዙሓት ከሲቦም ካብ ፍልጠቱ፡
ኵናት ዝመርሑ ብኣብነቱ፡
ፈጥፈጥ ኣቢሎዎም ንጸላእቱ።

ዝዕሰብ ዓሲቦም ክረኽቡ ፈቓቕ፡
ሶሊኾም ክኣትዉ ከብዝሑ ነቕዓት፡
ሰላምና ዘሪጎም ክገብሩና ዙሩዓት፡
መደቦም ከስልጡ ክቕይሩ ስርዓት።

መን'ዩ እሞ ክደፍሮ ማዕጸና፡
ዋናታቱ ንሕና ከሎና፡
ከፊልናሉ እንዲና ንጹህ ደምና፡
ከስኪስናሉ ጻዕዳ ኣዕጽምትና፡፡

ብቐሊሉ ኣይእቶን'ዩ ቤትና፡
ደፊኡ ዝኣቱ የለን ጓና፡
ሳሕል ተሰርሔ ሊከቶ ኣሎና፡
ብኡ ኼርና ረጊጥናዮ ኢና።

ኣሎኮ እቲ ገመል ሰውራ፡
ንኤርትራ ዘውጽኤ ሓራ፡
ሃገር ዘልበሳ ባንዴራ፡
መትከሉ ዘይቅይር ካብታ ዝበላ።

ሓያላት እንተፈተኑ ክስዕሩዎ፡
ተበለጽት እንተመጹ ከስድዕዎ፡
ገባብል እንተመጹ ክውሕጡዎ፡
እምኒ ዓረ ኮይኑዎም ከይቁርጡምዎ።

ግዜ እኳ መስኪሩ እቲ ሓቂ፡
ሙሉእ ዘይብሉ ፍርቂ ፍርቂ፡
ዞባና ፈሊጣቶ ቐንዕና ኢሰያስ ኣፍወርቂ፡
ሃገራት ተላዒለን ምዝመዛ ከጥፍኣ ብሓቂ።

ክብርን ነባሪ ዝኽርን ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር፡